King County
Local Services

# EAST FEDERAL WAY

# መምርሒ መጽሓፍ ናይ ንኹሉ ዘሳትፍ ምድላው ባጀት


## 2023-2024



## ኣብ ከባቢኻ ናይ ህዝቢ ገንዘብ ብኸመይ ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ትደሊ?

ነዚ ሓበሬታ ብኻልእ ቋንቋ ወይ መልክዕ ንምሕታት ናብ 206-477-3800 ደውሉ ወይ ናብ AskLocalServices@kingcounty.gov ኢመይል ስደዱ።

# EAST FEDERAL WAY




ሕብረተ ሰብ East Federal Way ኣብ ምምሕዳር ከተማ ዘይጠርነፉ King County ኣብ ናይ ካልኣይ ዙርያ ንኹሉ ዘሳትፍ ምድላው ባጀትና (2023-2024) ንኽጥቀመሉ $1,516,000 ኣለዎም።

ኣባላት ሕብረተ ሰብ ነዚ ገንዘብ ኣብ ዓበይቲ ፕሮጀክትታት፣ መደባትን ኣገልግሎታትን ንሕብረተሰቦም ንኽጠቅም ብኸመይ ኣብ ስራሕ ከም ዘውዕልዎ ክውስኑ እዮም።




**ዓበይቲ ፕሮጀክትታት፣ $1,516,000**

# ከመይ ጌርካ ንስኻ ኣካል ናይቲ ንኹሉ ዘሳትፍ ምድላው ባጀት ክትከውን ትኽእል?

**ወለንተኛ ኩን** – ዝተፈላለየ ጽፍሒን ተራን ኣሎ።

- ኣባል **ኮሚተ ምምሕዳር** ንሙኻን ኣመልክት።
- ከም **ተጣባቒ እማመ** ኮይንካ ኣገልግል።
- ናይ ንኹሉ ዘሳትፍ ምድላው ባጀት **ኣምባሳደር** ብምኻን ኣብ ማሕበረሰብካ ብዛዕባ ንኹሉ ዘሳትፍ ምድላው ባጀት ሓበሬታ ኣካፍል።
- ንስኻ ወይ ትካልካ ናይ ንኹሉ ዘሳትፍ ምድላው ባጀት **ማሕበረሰብ ዘራኺብ** ክትኮኑን ናይ ማሕበረሰብ ፍጻመታት ኣእንገድቲ ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም።

## ኣካል ናይቲ መስርሕ ኩን!

- ኣብ ናይ ማሕበረሰ ሰብ ፍጻሜታትን/ወይ ኣኼባታትን ተሳተፍ
- ሓሳብ ኣቕርቡ ወይ ርእይቶ ሃብ
- ወለንተኛ ኩን
- ኣብ ንጥፈታት ናይ ንኹሉ ዘሳትፍ ምድላው ባጀት እጅምካ ኣበርክት
- ብዛዕባ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ንኹሉ ዘሳትፍ ምድላው ባጀት ንስድራቤትካ፣ ኣዕሩኽትኻ፣ ጎረባብትኻን ቀረብትኻን ሓበሬታ ኣካፍል



# ትኹረት ዝግበረሉ ከባቢታት

ኣባላት ኮሚተ ምምሕዳር White Center/North Highline ነቲ መስርሕ ኣብዞም ዝስዕቡ ዝተኣሳሰሩ ወፍርታት ከተኩር ወሲኖም፣ (ግን ከኣ ኣብዚ ጥራይ ከድረት ኣይኮኑን)

## ዓበይቲ ፕሮጀችትታት

- መንገዲ ስይክልን ማንገዲ ኣጋርን
- ምምሕያሽ ጎደናታት ኣውራጃ ንግዲ
- ናይ ሕብረተ ሰብ ጀርዲን
- ናይ ሕብረተ ሰብ ቦታታትን ባህላዊ ማእከላትን
- ናይ ምንቅስቓስ ኣማራጺታት ምውሳኽ
- ምምሕያሻት መናፈሻ
- ውሑስ መስመራት – ምምሕያሽ ጎደናታትን ማርሻፔድን

ንዓበይቲ ፕሮጀክትታት ትኹረት ዝግበረሉ ከባቢታት ንምድንፋዕ ጽቡቕ ሂወት ናይ ሕብረተሰብ፣ ንኹሉ ዝሓቁፍን ዘላቕነትን ቀዳምነት ዝህቡ ፕሮጀክትታት ዘጠቓልል እዩ።

እዞም ፕሮጀክትታት እዚኦም ንማሕበረሰብ East Federal Way ዘጋጥሞም ፍሉያት ማሕበራውን ቁጠባውን ብድሆታት ንምፍታሕ ንጹር ተወፋይነት ከርእዩ ኣለዎም።



# መን ይኽእል...

## ሓሳብ ኣቕርቡ?

**ዝኾነ ሰብ፤** ኣብዚ ማሕበረሰብ ክነብር፣ ክሰርሕ፣ ናብ ቤት ትምህርቲ ክኸይድ፣ ወይ ከምልኽ ከምኡ ውን/ወይ ምስቲ ሕብረተ ሰብ ድልዱል ምትእስሳር ክርኢ ክኽእል ኣለዎ።

## ከም ናይ እማመ ተጣባቒ ኮይንካ ኣገልግል?

**ዕድመ 18 ዓመትን ልዕሊኡን፤** ኣብዚ ማሕበረሰብ ክነብር፣ ክሰርሕ፣ ናብ ቤት ትምህርቲ ክኸይድ፣ ወይ ከምልኽ ከምኡ ውን/ወይ ምስቲ ሕብረተ ሰብ ድልዱል ምትእስሳር ክርኢ ክኽእል ኣለዎ።

## ምርጫ?

**ዕድመ 12 ዓመትን ልዕሊኡን፤** ኣብዚ ማሕበረሰብ ክነብር፣ ክሰርሕ፣ ናብ ቤት ትምህርቲ ክኸይድ፣ ወይ ከምልኽ ከምኡ ውን/ወይ ምስቲ ሕብረተ ሰብ ድልዱል ምትእስሳር ናይ ግድን ክርኢ ክኽእል ኣለዎ።

**ቅጥዕታት ናይ ዜግነት ወይ መለለዪ መንነት ኣድልዩ ኣይኮነን።**

# ብቑዕነት ፕሮጀክት

## ዓበይቲ ፕሮጀክትታትን ወፍርታትን እንታይ እዮም?

**መግለጺ፤** ዓበይቲ ወፍሪ፣ ማለት ትሕተ-ቅርጺ፣ ጽርግያታት፣ ህንጻታት፣ መሬት፣ መናፈሻታትን መሳርሒታትን ዘጠቓለለ፣ ንዝተዓደገ፣ ዝተሃንጸ፣ ዝተተኸለን/ወይ ዝተዓረየ ዝጭበጥ ኣካላዊ ነገር ይድግፍ። ነፍሲ ወከፍ ፕሮጀክት ብሓፈሻ እንተወሓደ ን10 ዓመት ኣብ ጥቕሚ ዝውዕል ክኸውንን ንህዝቢ ረብሓ ዝህብን ክኸውን ኣለዎ። ኣብ ምንጪ ናይ ምወላ ብምምርኳስ ተወሳኺ ጠለባት ክህሉ ይኽእል እዩ። እቲ ፕሮጀክት ኣብ ውሽጢ ዶባት ኣብ ምምሕዳር ዘይተጠርነፉ ከባቢታት ናይ East Federal Way ክኸውን ኣለዎ።

- ኣብ ናይ East Federal Way ምምሕዳር ዘይተጠርነፉ ንዝካየዱ ዓበይቲ ፕሮጀክትታት **ዝተሓተ** ከምኡ'ውን **ዝለዓለ** ናይ ወጻኢታት ገደብ የለን።

- ኣብዚ ሕብረተሰብ ካብ ሸውዓተ ዝበዝሕ ዓበይቲ ፕሮጀክትታት ድምጺ ኣብ ምሃብ ኣይክህልዉን እዮም።

**ተግባራውነት**: ንኣሽቱን ዓበይትን ጻዕርታት ብምትእንጋድ፣ ኩሉ ደረጃ ዘለዎም ፕሮጀክትታት ንሓቁፍ። ኣብ ዝተፈላለየ ዓቕን ዘለዎም ፕሮጀክትታት ዝነብር ናይ ምህዞን ፈጠራን ዓቕሚ ብምግንዛብ፣ ዝኾነ ዓቕን ዘለዎም ሓሳባት ብህንጡይነት ነተባብዕ።







# ኣብ ግምት ክኣትዉ ዘለዎም ቀንዲ ነገራት፤

ኣብ East Federal Way center ንዝካየዱ ዓበይቲ ፕሮጀክትታት ዝምልከት ርእይቶታት ኣብ ዙርያ ሰለስተ ኣገደስቲ መትከላት ዘማእከለ ኮይኑ፣ ጂኦግራፍያዊ ገደብ፣ ትኹረት ኣብ ብዙሕነት፣ ማዕርነትን ሓቑፍነትን፣ ከምኡ'ውን ትኹረት ኣብ ድሌታት ዝተመርኮሰ ተበግሶታት።

**ቀዳማይ፣** ኩሎም ሕግታት፣ ፕሮጀክትታት ብፍሉይ ናብ East Federal Way ዝዓለሙ ምዃኖም ኣፍልጦ ክህቡ ኣለዎም፣ እዚ ድማ እማመታት ንፍሉይ ድሌታትን ባህርያትን ናይዚ ጂኦግራፍያዊ ከባቢ ዝምልከቱ ምዃኖም ከረጋግጹ ኣለዎም።

**ካልኣይ፣** ኣብ ብዙሕነት፣ ማዕርነትን ሓቋፍነትን ትኹረት ክህሉ ኣለዎ፣ ካብ ዝተፈላለየ ድሕረ ባይታ፣ ደረጃታት ዕድመ፣ ከምኡ'ውን ምትእስሳራት ዝመጹ ውልቀሰባት ብተወፋይነት ብንጥፈት ንምስታፍን ንምውካልን፣ ፍትሓውነትን ማዕረ ናይ ምስታፍ ዕድላት ንምድንፋዕ ናይ ግድን ትኹረት። ክህሉ ኣለዎ።

**ኣብ መወዳእታ፣** ኣብ ድሌታት ዝተመርኮሰ ዓበይቲ ፕሮጀክትታት ቀዳምነት ኣብ ምሃብ እቲ ቀንዲ ክኸውን ኣለዎ፣ ኣብዚ እማመታት ንኣገደስቲ ጠለባትን ብድሆታትን ሕብረተሰብ ንምፍታሕ ዝዓለሙ ኮይኖም፣ ኣብ መወዳእታ ድማ ኣብ East Federal Way ዕብየት፣ ዘላቕነትን ሓፈሻዊ ምምሕያሽ ጽቡቕ ስምዒትን ጽቡቕ ሂወትን ዘዕብዩ ዝጭበጡ ረብሓታት የቕርቡ።

## ካልእ ኣብ ግምት ዝኣትዉ ነገራት | እማመ ንምምዕባል ቀዳምነት ምሃብ

**ጸረ ምምዝባል፤** ዓበይቲ ፕሮጀክትታት ምምዝባል ንምክልኻልን ንዝተቓልዑ ህዝብታት ምርግጋእን ጽቡቕ ሂወትን ንምርግጋጽን ዝሕግዙ ስጉምትታት ከጠቓልሉ ኣለዎም፣ ግን ከኣ ኣብዚ ጥራይ ከይትሓጸረ ነቶም ትሑት እቶት ዘለዎም ውልቀሰባትን ስድራቤታትን ዘጠቓለለ እዩ። ነቶም ኣቐዲሞም ዝጸንሑ ዓበይቲ ዋኒን ንብረታት (ከም መናፈሻታት) ንምሕላውን ኣብ East Federal Way ሓደሽቲ ተበጻሕነት ዘለዎም ዓበይቲ ፕሮጀክትታት ንምምዕባልን ጻዕሪ ክግበር ይግባእ።

**ምውፋር ሕብረተሰብ፤** ኣብ ምሉእ ውጥንን ኣተገባብራን ዓበይቲ ፕሮጀክትታት፣ ናይ ሕብረተሰብ ምውፋርን እታዎትን ብንጥፈት ክድለን ክሕሰበሉን ይግባእ። እዚ ድማ ዓበይቲ ፕሮጀክትታት ምስ ክብርታትን ቀዳምነታትን ማሕበረሰብ East Federal Way ዝሰማምዑ ምዃኖም ንምርግጋጽ ምስ ነበርቲ፣ መራሕቲ ማሕበረሰብን ዝምልከቶም መዳርግቲ ኣካላትን ምምኽኻር የጠቓልል።

# ቀንዲ ኣብ ግምት ክኣትዉ ዘለዎም ነገራት – ካብ ዝሓለፈ ዝቐጸለ

**ብባህሊ ዝተዛመደ ማሕበረሰባዊ ማእከላት፣** ዓበይቲ ፕሮጀክትታት ኣብ East Federal Way ነበርቲ ባህላዊ ውርሻ ዘብዕሉን ዝዕቅቡን ማእኸላት ማሕበረሰብ ንምቛም ወይ ንምዕባይ ቀዳምነት ክህቡ ኣለዎም። እዘን ማእከላት እዚኣተን ንብዙሕነትን ልምድን እቲ ሕብረተሰብ ዘንጸባርቕ መደባትን ጺጋታትን ክቕርባ ይግባእ።

**ምስ ባህሊ ዝዛመድ ትካላት ክንክን ጥዕና፣** ዓበይቲ ፕሮጀክትታት ንፍሉይ ድሌታትን ስክፍታታትን ዝተፈላለየ ህዝቢ East Federal Way ዝምልሱ ትካላት ክንክን ጥዕና ኣብ ምምዕባል ከተኩሩ ይግባእ። እዞም መሳለጥያታት እዚኦም ንኹሎም ነበርቲ ብባህሊ ተነቃፍን ተበጻሕን ኣገልግሎት ክህቡ ኣለዎም።

**ቁጠባዊ ምዕባለ፣** ዓበይቲ ፕሮጀክትታት ስራሕ ምፍጣር፣ ናይ መላመዲ ስራሕ፣ ከምኡ እውን ዕድላት ምህናጽ ክእለት ብምምዕባል ኣብ ቁጠባዊ ዕብየትን ብልጽግናን ማሕበረሰብ East Federal Way ኣበርክቶ ክገብሩ ይግባእ። ንዝተገለሉ ህዝቢ ዘሐይሉን ንናይ ከባቢ ተበግሶታት ዝድግፉን ዓበይቲ ፕሮጀክትታት ትኹረት ክወሃቦም ይግባእ።

**ገምጋምን ተሓታትነትን፡** ውጽኢትን ጽልዋታትን ናይ ዓበይቲ ፕሮጀክትታት ምስቲ ትኹረት ዝግበረሎም መዳያትን ዝድለ ዕላማታትን ተሰማሚዖም ንኽቕጽሉ ስሩዕ ገምጋምን ግምገማታትን ክግበር ይግባእ። ኣብ ኣፈጻጽማ ፕሮጀክትን ምምቕራሕ ባጀትን፣ ግልጹነትን ተሓታትነትን ክህልዎ ንናይ ህዝቢ እምነት ንምዕቃብ ኣገዳሲ እዩ።

**ተዓጻጻፍነትን ምልምማድን፣** ኣብ East Federal Way ንዓበይቲ ፕሮጀክትታት ትኹረት ዝግበረሉ ቦታ ንዝቕየር ድሌታት ሕብረተሰብን ዝምዕብሉ ብድሆታትን ንምትእንጋድ ተዓጻጻፊ ክኸውን ይግባእ። ሓደስቲ ጉዳያት ምስ ዝለዓሉ፣ ውጥናት ፕሮጀክት ብኡ መሰረት ንምትዕርራይ ጻዕርታት ክግበር ኣለዎ፣ ተበግሶታት ምስ ግዜ ኣገደስቲን ውጽኢታውያንን ኮይኖም ከም ዝቕጽሉ ምርግጋጽ።

**ንመንእሰያት ዝኸውን ቦታታት**: ዓበይቲ ፕሮጀክትታት ኣብ East Federal Way ንዝርከቡ ድሌታትን ባህግታትን መናእሰይ ዘማልኡ ውፉያት ቦታታትን መሳለጥያታትን ከጠቓልሉ ይግባእ። እዞም ቦታታት እዚኦም ኣወንታዊ ምዕባለ መንእሰያት፣ መዘናግዒ ንጥፈታት፣ ዕድላት ትምህርቲ፣ ማሕበራዊ ምትእስሳር ዘተባብዑ ክኾኑ ይግባእ።

**ዘላቕነትን ጽልዋ ከባብን፣** ኣብ East Federal Way ዝርከቡ ዓበይቲ ፕሮጀክትታት ዘላቒ ንድፊ መትከላት ክኽተሉ፣ ስነ-ህይወታዊ ኣሰር ንምንካይ ዝዓለሙ፣ ከምኡ እውን ከባብያዊ ሓላፍነት ንምድንፋዕ ዝዓለሙ እዮም። ሓምላይ ቦታታት፣ ጸዓት ብውሑሉል ዝጥቀም ትሕተ ቅርጺን ንከባቢ ዝምችኡ ኣሰራርሓታትን ኣብቶም ፕሮጀክትታት ንምውህሃድ ጻዕርታት ክግበር ይግባእ።

# ውጥንን መስርሕን ምርጫ ወይ ድምጺምሃብ

## ኣገባብ፤ Ranked choice(ደረጃ ዝሓዘ ምርጫ)

*መራጽቲ፣ ወጻኢታት ብዘየገድስ፣ ንዝፈትውዎም ሓሙሽተ ብሉጻት ፕሮጀክትታት ብተርታ ይሰርዕዎም።*

## ካብ ትጽቢት ወጻኢ ከጋጥም ዝኽእል ምርጫ

እቶም ላዕለዎት ሰለስተ ፕሮጀክትታት እንተተመሳሲሎም ግን ከኣ ኩሎም ክምወሉ እንተዘይክኢሎም፣ እታ ኮሚተ ምምሕዳር በዞም ዝስዕቡ መሰረት ብምግባር ቀዳምነት ክህብ ወሲኑ ኣሎ፤

- ብመሰረት ትርጉም ዘለዎ ዓሌታዊ ማዕርነት ምድንፋዕ
- ብመሰረት ጸረ ምምዝባል ብተወሳኺ ነቶም ዝተመዛበሉ ተመሊሶም ዝቕበሉ
- ኣብ ውሽጢ እቲ ባጀት፣ ሰለስቲኦም ዝምወልሉ መንገዲ ምርካብ
- ፕሮጀክትታት ንምምዋል ባጀት ኣብ ግምት ምእታው

እቶም ላዕለዎት ክልተ ፕሮጀክትታት ብመንጽር ዝረኸብዎ ድምጺ ክምወሉ እንተኽኢሎም፣ እቲ ሳልሳይ ፕሮጀክት ግን በቲ ዝተረፈ ባጀት ምርኩስ ብምግባር ምሉእ ብምሉእ ክምወል እንተዘይክኢሉ፣ እቲ ፕሮጀክት በቲ ኣብ እዋን ምምዕባል እማመ ንምምዋል ተባሂሉ ዝጸደቐ ደረጃ መጠን ክምወል እዩ።

እቲ ሳልሳይ ፕሮጀክት ምሉእ ብምሉእ ክምወል እንተዘይክኢሉ፣ እታ ኮሚተ እንተተኻኢሉ ብኽፊል ክትምወሎ ክፍትን እዩ። ብኽፊል ክምወል እንተዘይክኢሉ፣ እታ ኮሚተ ናብ'ቲ ቀጺሉ ዝበዝሐ ድምጺ ዝረኸበ ፕሮጀክት ክትሰግር'ያ። እቲ ዕላማ ምሉእ ባጀት ምጥቃም እዩ።.

ሓደ ፕሮጀክት ብናይ ማሕበረ ሰብ ብልጫ ድምጺ ምስተመወለ ብገለ ምኽንያት ክጭበጥ ዘይክኣል እንተኾይኑ፣ እቲ ናይ ፕሮጀክት ገንዘብ ነቲ ዝለዓለ ድምጺ ዝረኸበ ፕሮጀክት ከይተመወለ ዝጸንሐ ንምምዋልን/ወይ ድማ ተመዊሎም ዝጸንሑ ፕሮጀክትታት ግን ከኣ ተወሳኺ ወይ ዘይተጸበይዎ ገንዘብ ዘድልዮም ንምምዋል ክውዕል እዩ።

# 2021-22 (ውደት 1)
# ዝተመወሉ ፕሮጀክትታት

**ዓበይቲ ፕሮጀክትታት ምምሕያሽ ዘድልዮም**

- መናፈሻ ቀላይ ጀነቫ ምምሕያሽ "ንጻወት" (Lake Geneva Park Upgrades "Let's Play") ($1.500,000)
- (ባህላዊ ማሕበረሰባዊ ማእከል ንምብራቕ ፌደራል መንገዲ (Cultural Community Center for East Federal Way) ($350,000)
- ናይ ማሕበረሰብ ጀርዲን/ፒ ፓች ምወላ (Community Garden/P Patch Fund) ($100,000)
- ናይ ጥቕሚ ሳጹን – ናይ መንደቕ ስነ-ጥበባዊ ስእልታት (Utility Box – Art Murals) ($35,000)